# H G B

## ኣካዳሚ ን ባህላዊ ልውውጥ (AtA)
## ዩንቨርስቲ ግራፊክን ጥበብ መጽሃፍ / ኣካዳሚ ፋይን ኣርት ላይፐዚግ

**ሃገቢ (HGB)**
ዩንቨርስቲ ግራፊክን ጥበብ መጽሃፍ/ኣካዳሚ ፋይን ኣርት ለፐዚግ (HGB) ሓደ ካብቶም ኣብ ኣውሮጳ ዝነበሩ ጥንታውያንን ፍሉጣትን ናይ ስነ-ጥበብ ኮለጃት እዩ ። ላይፐዚግ ኣካዳሚ ንልዕሊ 250 ዓመታት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንስነ-ጥበባዊን ንድፊን ስልጠና ክህብን ንምሃብን ቀይሙ ኣሎ ። ብዙሓት ተመረቕቲ ፡ ፕሮፌሰራትን ሰራሕተኛታትን ነቲ ኣብቲ ግዜ እቲ ዝነበረ ስእላዊ ምርኢትን ስእላዊ ንድፍን ኣብ ምቕራጽ ዓቢ ግደ ዝነበሮም ሰባት ፡ ጽቡቕ ስም እዩ ዘለዎ ። ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይውን ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ዝዳሎ መደብ እዩ።

**ኣካዳሚ ን ባህላዊ ልውውጥ (AtA)**
ሃገቢ (HGB) ላይፐዚግ ዝርከብ ኣካዳሚ ቤትምህርቲ ንስደተኛታት ዝምልከት ናይ መጀመርታ ብደረጃ ሃገር ናይ ዲግሪ ፕሮግራም ንተሳተፍቲ ይቕርብ ኣሎ። ተሳተፍቲ እቲ መደብ (AtA) ከም ምዃኖም መጠን ፡ ኣብ ሃገቢ (HGB) ላይፐዚግ ንስሩዕ መጽናዕቲ ንኽኣትው እድል ይህብ። ምስ ምእታው ስደተኛታት ፡ ሃገቢ (HGB) ላይፐዚግ ንፍልጠት ከም ኣገዳሲ መለለዪ ናይ ሕብረተሰብና ኣፍልጦ ሂባ ፡ ከምኡ 'ውን ታሪኽ በረራን ፍልሰትን ዘለዎም ሰባት ንኽሳተፉ ትጣበቕ ። ዕላማ (HGB) መእተዊ ጥራይ ዘይኮነ ፣ ኣብ ብምሉኡ እቲ ጻዕዳ ምዕራባዊ  ዘሎ ቦታን መጽናዕቲ ስነ-ጥበብን ቅዳሕ ንምህብ እዩ ። እዚ ኩነት ብዘይ ኣድልዎ ከባቢ ክፈጥር ኣለዎ ኢሉ ይኣምን ።

**ፕሮግራም**
እቲ መጽናዕቲ ክሳብ ኣርባዕተ ሰሚስተራት ይጸንሕ ። ድሕሪ ዕዉት ተሳትፎ ፡ ተመሃሮ ናብ መሰረታዊ ትምህርቲ ወይ ናብ ሓደ ካብ ፍሉይ ክፍልታት ናይቲ ቀንዲ ትምህርቲ ክቕይሩን ኣብኡ ከአ ዲፕሎማ ኽህልዎምን ይክእሉ። ናብዚ ኣብ ላእሊ ተጠቒሱ ዘሎ ፕሮግራም ንምስታፍ ናይ ቋንቋ ክእለት (TestDaF) ከመኡ ውን ናይ ስነ ጥበብ ብቕኣት ክህልወካ ኣለዎ። ናይ (AtA) ፕሮግራም መዳለዊ እንበር ናይ ሰርትፍኬት ወረቀት የብሉን ። ኣብ እዋን ናይ (AtA) ፕሮግራም ዝርከብ ዓወታት ኣብ ግምት ዝኣቱ ፡ ናብ ዲፕሎማ ምስ ተቐየረ እዩ ፡ ተመሃሮ መርመራ ምስ ገበሩ ድማ ርጉጽ ይከውን ።

**ናይ ቋንቋ ትምህርቲ**
ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ጀርመን ን ተማሃሮ (HGB) ን ክምህሩ እድላት ይቕርብ ። ስሩዓት ናይ ጀርመን ኮርሲታት ኣብ ደረጃታት B1 ክሳብ C1 ይወሃቡ ። እቲ ትምህርቲ ቛንቋ ኣብ ንኣሽቱ ጉጅለታት ይካየድ: በብቑሩብ ድማ ነቲ ዘድሊ ክእለት ቋንቋ ንምብጻህ ይዳሎ ።  ናብ ዲፕሎማ ኮርስ ንምቕያር እዚ ኣፍልጦ ናይ ቋንቋ ብ ሕጋዊ ኣገባብ ዓንቀጽ 28 ምቕራብ ሃጋዚ እዩ ። እቲ ኮርስ ኣብ ርእሲ እቲ ባህላዊ ትምህርቲ ፡ ርእሰ ግሉጽን ስነ ፍልጠታውን ቃላት እውን ይምህር እዩ ። ኣብ ናይ ሰሚስተር እረፍቲ ፡ ጽዑቕ ስልጠናታት ይወሃብ እዩ ።

**ናይ ክፍሊ ምትእኽኻብ**
ናይ (HGB) ተመሃሮ ምስ ናይ ዲፕሎማ ኮርሲታት ብሓባር ኮይኖም ኣብ ምምሃር ናይቲ ዘቕርብዎ ትምህርቲ መሰረታዊ ነገራት ይመሃሩ ።

**ዓውዲ- መጽናዕቲ ናይ (AtA)**
ዓውዲ-መጽናዕቲታት (AtA) ንትሕዝቶ ናይ "ቲ ትምህርቲ ንምምላእ ፡ ኣብ ድሌት ናይ" ቶም ተምሃሮ ይምርኮስ። ተምሃሮ ንትሕዝቶ እቲ ቤት ዕዮ ኣብ ምእባይ ልዑል ዕድል ኣለዎም ። ኣብ (AtA) ዓውዲ-መጽናዕቲ ንክሳተፎ ንኹሎም ተማሃሮ (HGB) ክፉት እዩ ።

H G B

**ዓውዲ መጽናዕቲ ቦታ**
እቶም ተማሃሮ ኣብ ሰሙናዊ ስልጠናታት ነቲ ስእላውን ናይ ድምጽን ስእሊ ዘለዎ ዓውዲ-መጽናዕቲ ክፈልጡ ይጅምሩ ።

**ምልከታ ክረምታዊ ትምህርቲ 2021 / 2022**
ናብ (AtA) ንምእታው ዘድልዩ መሰረታዊ ንግራት ንኣብነት ካብ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን (BAMF) ኣወንታዊ ናይ መንበሪ ፍቓድ ድሕሪ ምቕራብ እዩ ።

ዓመት ትምህርቲ **2021 / 2022** ምልከታ ካብ **1 መጋቢት 2021** ዝጅምር ኮይኑ **16 ሚያዝያ 2021** ድማ ይውዳእ።

እዚኦም ዝስዕቡ ሰነዳት ኣድለይቲ እዮም

1. እንተወሃደ 5 ናይ ስነ-ጥበባዊ ስርሃት ወይ እዮታት ከተቅርብ ይግባእ
2. ንክትኣቱ ዝደፋፍኣካ ብ መልክዕ ደብዳቤ ጽሓፍ
3. CV ወይ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝወሰድካዮም ናይ ስነ-ጥበብ ዶክመንት
4. ምስክር ወረቐት ወይ ናይ 2 ትምርትቤት (ባጀላ)
5. ሰርትፊኬት ናይ ትምህርቲ ጀርመን ካብ A2
6. መረጋገጺ ኣወንታዊ መንበሪ ፍቓድ ካብ ፌደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ስደትን ስደተኛታት (BAMF) ፡ ቅዳሕ ናይ ፓስፖርት ን ታሲራን

**መስርሕ ናይቲ ምልከታ**
ናይ መመልከቲ ሰነዳትኩም ክሳብ 16 ሚያዝያ 2021 ናብዚ ሊንክ (Link) ትልዕክዎ ata@hgb-leipzig.de
ሰነዳት ዓውዲ-መጽናዕቲ ብወግዒን ብስነ-ጥበባዊ መገዲን ይረጋገጽ
እዚ ውጽኢት እዚ ኣወንታዊ እንተ ኰይኑ: ነቲ ካብ 17-21 ግንቦት 2021 ዝግበር ስነ-ጥበባዊ ፈተና ንኽትወስድ ጻውኢት ይቐርበልካ ።
እቲ ውጽኢት ኣሉታዊ እንተ ኰይኑ: ብጽሑፍ ይንጸግ ።
እቶም ተሳተፍቲ ነቲ ናይ ስነ-ጥበብ መርመራ ድሕሪ ምሕላፎም ፡ ውጽኢት ብ ጽሑፍ ክንግሩ ወይ ክቕበሉ እዮም።
ነቶም ኣወንታዊ ውጽኢት ዘመዝገቡ ተምሃሮ ፡ ኣብ HGB ክምዝገቡ ይክእሉ

መመልከቲ ወይ ሕቶታት ናብዚ ሊንክ ata@hgb-leipzig.de

ተወሳኺ ሓበሬታን ብካልኦት ቋንቋታት ብዛዕባ ፕሮግራም (AtA) ፤
www.hgb-leipzig.de/lehre/akademiefuertranskulturellenaustausch/

**ትውክሶ ኣካል**

Jun.-Prof. Dr. Katrin Köppert
Vorsitzende der AtA-Kommission
koeppert@hgb-leipzig.de

H G B

**ርእሰ መጽናዕቲ**


Roswita Harmel
T + 49 (0) 341 21 35 -144/ -251
sg_studium@hgb-leipzig.de


ክፍሊ ፡ 24
ሰዓታት ቤት ፅሕፈት
ሶኒ 9: 30 – 12: 30
ሶሉስ + ሃሙስ 13: 30 – 15: 30

**ማሕበራዊ ምኽሪ**


Jana Kuppardt & Yamen Khamis
atasupport@hgb-leipzig.de



እቲ ኣካዳሚ ዝኽፈል ገንዘብ በቶም ኣባላት በቲ ዛክሰን መንግስቲ ኣባላት ባይቶ ዛክሰን ዝኽፈልዎ ባጀት እዩ ዝምወል ።

H G B

# እቲ ንዲፕሎማ ዝወሰድዎ ኮርሲታት HGB

ሃገቢ HGB ላይፕዚግ ብኣርባዕተ ናይ ዲፕሎማ ኮርሲታት ስልጠና ይህብ:

* ጥበብ መጽሓፍ / ግራፊክ ዲዛይን
* ደረቅ ስእሊ
* ቅብእ/ ግራፊክስ
* ቪድዮ ስነ-ጥበብ

እቲ ስነ-ጥበባዊ-ግብራዊ ስልጠና ኣብ ክፍሊ ይውሃብ፡ ኣብ ግራፊክ ቤት-ንባብን ኣብ ስትድዮ ናይ HGB ይካየድ ። እዚ ዕድመ "ዚ ፡ ተወሳኺ ክልሰ-ሓሳባዊ መጽናዕትታት ኣብ ታሪኽ ስነ-ጥበብን ክልሰ-ሓሳብን ፡ ኣብ መጽናዕቲ መራኸቢ ብዙሃን ፡ ባህላዊ መጽናዕትታትን ፍልስፍናታትን ዘተኰረ እዩ ። እቲ ናይ ዲፕሎማ ትምህርቲ መሰረታዊ ኮርስ (4 ሰሚስተራት) ከምኡ "ውን ኣብ ኩሉ ዓይነታት ትምህርቲ (6 ሰሚስተራት) ዘጠቓለለ እዩ ። እቲ ትምህርቲ ብክልሰ-ሓሳባዊ ጽሑፍ ከምኡውን ብስነ-ጥበባዊ / ስእላዊ-ጽሑፍ ብዝተዳለወ ጽሑፍ እዩ ዝዛዘም ። ናይ ዩኒቨርሲቲን  ናቱ ኣሳእል ፡ ትካል ናይ መጽሓፍ ስነ-ጥበብን ምስ መሻርኸቲ ትካላት ብምትሕብባር ዕድላት ይኸፍት ።ናብ ህዝቢ ምቕራብ ፣ ናይ ገዛእ ርእስኻ ስራሕ ። ኣብ ርእሲ እዚ ፡ ቤት ፅሕፈት ደገፍ ነቶም ተመሃሮ ፡ ብእተፈላለየ ኣጋጣሚታት ርእሶም ክኢሎም ስራሕ ንኺጅምሩ ይድግፎም እዩ ።

<u>ቅብእ/ ግራፊክ</u>

ኣብ ትምህርቲ ቅብኣ / ግራፊክስ ምጽናዕ እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሸቶ ናይ ፈጠራን ሓሳባዊን ዓቕሚ እቶም ተማሃሮ ንምምዕባል እዩ ። ብውልቅን ብጉጅለን ኣብ ዝወሃብ ትምህርቲ ፡ እቶም ተመሃሮ ብቐጻሊ ንባህላውን ሓድሽን ኣገባባት ቅዲ ስእሊ ይህልዎም ። እተፈላለየ ክልሰ-ሓሳባውን ግብራውን ትምህርትታት ዘለዎ ሰሚናራትን ፕሮጀክትታትን ፡ ነቲ እተፈላለየ ስልጠናታት ብዝያዳ የስፍሖ እዩ ። እቲ ዕላማ ፡ ንተመሃሮኦም ፡ ማዕረ ማዕረ እቲ ዘለዎም ደረጃ ስነ-ጥበባዊ ቦታ ምእንቲ ኽሕዙ ፡ ምሉእ ብቕዓት ዘለዎምን ክእለት ዘለዎምን ንኪኾኑ እዩ ።

<u>ጥበብ መጽሓፍ / ግራፊክ ዲዛይን</u>

ኣብ ዝሓለፈ ሒደት ዓሰርተታት ዓመታት ፡ ስእላዊ ንድፊ ብመሰረቱ ሰፊሑ እዩ ። ቅድሚ እቲ ናይ ደስክቶፕ ሕትመት ዘመን ፡ እቲ ነዳፊ ሓደ ካብቶም ተዋሳእቲ እዩ ነይሩ ። ሕጂ ብዙሓት ናይ ስራሕን ውሳነን መስርሓት ኣብቲ ጠረጴዛ የተኮሩ ኣለዉ  ። እቲ ኣብ መወዳእታ መስርሕ ንድፊ ዘሎ ፍርያት እውን ይቕየር እዩ ዘሎ: እዚ ከኣ ካብቲ ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ኣብ እተረኽበ ስእልታት እተሓትመ ኢደ-ስርሓት ውጺኢት እዩ ። እቲ ኢደ-ጥበብ / ግራፊክ ዲዛይን ኮርስ ንሃብታም ታሪኽ ብመልክዕ ንድፊ የላሊ: ታሪኻዊ ቦታታትን ሜላታትን ድማ ህያው ውርሻ ከም ዝኾነ የቐምጥ ። እቶም ተመሃሮ ፡ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ተኽእሎታት ከማዕብሉ ይኽእሉ እዮም ፣ ኣብ እተፈላለየ መስርሕ ምፍራይን ኣገባባት ኣፍረይትን እውን ይዋስኡ እዮም ። ስእሊ ኣብ ዝርአ ንድፊ ፡ ንገዛእ ርእሱ ከም ሓፈሻዊ ስልጠና ኰይኑ እዩ ዝረዐ ።

<u>ደረቅ ስእሊ</u>

ፎቶግራፍ ኣብዚ ግዜና ካብ ዘለዉ እቲ ኣዝዩ ህቡብ ዝኾነ ናይ መረካከቢታት ማእከን እዩ ። ከምኡ ውን ኣገዳሲ እዩ መሳርሒ ስነ-ጥበባዊ መደረታትን ታሪኻውን ባህላውን ዓወታትን ብፍላይ ኣብ መበል 20 ዘመን ። ትምህርቲ ስነ-ጥበብ ስእለ-ኣእምሮ ነዚ የመሓላልፎ ኣብ ኣናሎግን ኤለክትሮኒካዊ መልክዕን ስእሊ ንምፍጣር ዝግበር መስርሕ እዩ ። ኣብ ትርኢት  ድማ ክውን ይኸውን ክንዮ እቲ ናይ መጀመርታ ደረት ዝኸደ ስነ-ጥበባዊ መግለጺ ፡- ፎቶግራፊ ሓባሪ ጽሑፍ እያ ፡ ኣብ ፊልምን ቪድዮን ዘሎ ተንቀሳቓሲ ስእልታት ፡ ከምኡ ድማ ኣብ

# H G B

ዓለባ ሳይት ዝግበር ሽመት ። እቲ ናይ ገዛእ ርእስኻ ስነ-ጥበባዊ ኣረኣእያን ናይ ምርኣይ ቋንቋን ምምዕባል ኣገዳሲ ሸቶ እዩ ብዛዕባ እቲ መጽናዕትታት ። እቲ ትምህርቲ ምስቲ ኣብ ስእለ ዝውሃብ ትምህርቲ ይዳወብ እዩ ወይ ሓሳብ ንሓሳብ ናይ ምልውዋጥ ንድፊ ። ናይ ምምህርና ስነ-ጥበባውያን መዋቕር ብትምህርትታቶም ተወከስዎም።

ቪድዮ ስነ ጥበብ

ናይ ሽው ናይ ስእሊ ጥበብ ኣብ ሕብረተሰብ ምስ ናይ ስእሊ ምህርቲ ዝተኣሳሰር እዩ ፣ ንኣብነት ኣብ ፊልም ፣ ኣብ ኢንተርነት ወይ ኣብ ህዝባዊ ቦታ ። እቲ ትምህርቲ ናይ ምርኣይ ክእለት ምምሃርን ምጥራይን እዩ ። ኩሉ መራኸቢ ብዙሃን ከም ስነ-ጥበባዊ ጽሑፋት ይጠቓለል እዩ ። ናይ ስነ-ጥበብ ናጽነትን ዓቕሙን ፥ ኣእምራዊ ዝሃዘለ እዩ። እቲ ምዕባለ ናይ ሓደን ፣ ናይ ገዛእ-ርእሱ ስነ-ጥበባዊ ስራሕ ምስ ናይ ሽው ማሕበራዊ ጉዳያት ዝተኣሳሰር እዩ ። ናይ ምብህሃልን ምውዳብን ክእለት ምጥራይ ኣካል ናይ ነጻ ዝኾነ ስነጥበባዊ ቦታ እዩ ። ገለ ክፋል ናይ "ቲ ሓድሕዳዊ ምምህርና ፡ ናይ ጉጅለን ናይ ፕሮጀክትን ስራሕ ፡ መሳለጥያታትን ምርኢታትን እዮም ።

ክልሰ ሓሳብ

ክልሰ-ሓሳብ ናይ HGB ትምህርቲ ስነ-ጥበባዊ ልምዲ ኣብ ምቕያር እዩ ዝርከብ ። ተመሃሮ ብዛዕባ ትርጉም ናይ ገዛእ ርእሶም ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ንኺሓቱ የኽእሎም ። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ ኣብ ስነ-ሃይማኖታዊ: ታሪኻዊ: ቴክኒካውን ፍልስፍናውን መዳያት እተመርኰሰ ምስ ስነ-ጥበብ ዝተሓሓዝ ፍልጠት ንምትሕልላፍ ዕላማ ኣለዎ ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ፡ እቲ ትምህርቲ ስነ-ጥበባዊ ንጥፈታት ኣብ ማሕበራዊ ጉዳያት ንኽትምርምሮን ብስነ-ቋንቋ ንኽትገልጾን ይሕግዘካ ።